# ስልቲ ጸረ-ዓሌትነት ቪክቶርያ 2024-2029

**ብሓጺሩ**

**እዚ ኣብ ቪክቶርያ ንመጀመርታ እዋን ብደረጃ ምሉእ መንግስቲ ዝግበር ስልቲ ጸረ-ዓሌትነት፡ ኣብ ቪክቶርያ ዓሌትነትን ኣድልዎን ደው ንምባል እተገብረ ናይ 5 ዓመት ውጥን እዩ፡፡**

**ብሓደ ኼንና ብምስራሕ፡ ኩሉ ሰብ ኣባል እቲ ማሕበረሰብ ኹይኑ ኽም ዝስምዖ እትገብር ፍትሓዊትን ውሕስትን ቪክቶርያ ክንሃንጽ ንኽእል ኢና፡፡**

## ዓሌትነት እንታይ እዩ፧

ዓሌትነት ዓይነት ኣድልዎ ኰይኑ፡ ሰባት ብሰንኪ ዓሌቶም ወይ ብሄሮም ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ምስ ዝግበረሎም እዩ፡፡ ናይ ቃላት መጥቃዕቲ፡ ምግላል ወይ ከም ካልኦት ሰባት ተመሳሳሊ ዕድላት ዘይምሃብ ከጠቓልል ይኽእል፡፡

ዓሌትነት ብብዙሕ መገዲ ክግለጽ ይኽእል፡፡ እዚ ስልቲ እዚ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መዳያት ዓሌትነት ኣብ ምፍታሕ የተኩር፡-

- ኣብ ማሕበረሰብ
- ኣብ ውድባትን ትካላትን
- ኣብ ሕግታትን ፖሊሲታትን ስርዓታትን፡፡

## ራኢና

ኩሎም ነበርቲ ቪክቶርያ ማዕረ መሰላትን ናጽነትን ዕቑባን ዝረኽቡላ፡ ኣብ ውሑስን ጥዑይን ደጋፍን ማሕበረሰባት ድማ ዝስስኑላ፡ ካብ ዓሌትነትን ኣድልዎን ነጻ ዝኾነት ቪክቶርያ፡፡

**እቲ ስልቲ፡ ኣብ ቪክቶርያ ዓሌትነትን ኣድልዎን ንምንካይ ዘኽእሉ 4 ሸቶታት ኣለዎ፡-**

| | | | |
|---|---|---|---|
| **ሸቶ 1.**<br>**ዓሌታዊ ኣተሓሳስባታትን ባህርያትን እምነታትን፡ ክልለዩን ክብደሁን ክንጸጉን** | **ሸቶ 2.**<br>**መንግስታዊ ኣገልግሎታትን ናይ ስራሕ ቦታታትን ውሑስን ተበጻሕን ኣድልዎ ዘይብሉን ክኾውን** | **ሸቶ 3.**<br>**ዓሌትነትን ኣድልዎን ደጊም ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ንተሳትፎ፡ ምዕባለ፡ ድሕንነት፡ ከምኡ እውን ዓወት ዕንቅፋታት ከይከውን** | **ሸቶ 4.**<br>**ዓሌትነት ዘጋጠሞም ሰባት፡ ግቡእን ብባህሊ ውሑስን ዝኾነ ኣገልግሎትን ደገፋትን ክረኽቡ** |

## ነቲ ራእይ ክዉን ምግባሩ

ስልቲ ጸረ-ዓሌትነት ነዚ ዝስዕብ ክዓምም እዩ፡-

- ኣብ **ስፖርት ማሕበረሰብ፡** ዓሌትነት ንምፍታሕ ኣብ ምሉእ ቪክቶርያ ወፍሪ የካይድ
- ብደረጃ ከባቢ፡ ዓሌትነት ንምፍታሕ **ብማሕበረሰብ ዝምራሕ ስጉምቲ** ይድግፍ
- ኣንጻር ጽልኢ ዝመልኦ ዘረባን ባህርያትን ዝሕግዙ **መከላኸሊታትን ሕግታትን** የሐይል
- ጥርዓናት ዝከታተላ ትካላት **ንጸብጻባት ዓሌትነት ንዝምልሳሉ ኣገባብ** ምምሕያሽ
- **ኣብ ፖሊስነት** ዓሌትነትን ኣድልዎን ምጉዳል
- **ኣስራሕትን ትካላትን** ነቲ ንዓሌትነት ዝከላኸሉሉን ዝምልሱሉን መገዲ ምምሕያሽ
- ዓሌትነት ንዘጋጠሞም ሰባት ዝኸውን **ከባብያዊ ደገፍ ዝህብ መርበባት ጸረ-ዓሌትነት** ምሕያል፡፡

እቲ ስልቲ ኣብ ምንካይ ዓሌትነት ዝገበሮ ጽልዋ ክንዕቅኖን ብዛዕባ እቲ ዘምጸእናዮ ዕብየት ድማ ንማሕበረሰብ ጸብጻብ ክንህብን


# እዚ ስልቲ ስለምንታይ የድልየና

ቪክቶርያውያን

**ካብ 300 ዝተፈላለዩ መበቆላት ዝመጹ**

**290 ቋንቋታትን ላህጃታትን** ዝዛረቡ

**ዳርጋ 200 እምነታት**
ድማ ዝስዕቡ እዮም



**30%** **ቪክቶርያውያን ኣብ ወጻኢ ሃገራት እዮም ተወሊዶም**



**8%** **ቀዳሞት ህዝብታት ኣውስትራልያ ኣብ ቪክቶርያ ይነብሩ**



## ንመን ተዛሪብና

**ካብ ቀዳሞት ህዝብታት፡ ብዙሕ ባህልታትን እተፈላለየ እምነትን ካብ ዘለዎምን ማሕበረሰባት ካብ ዝኾኑ ልዕሊ 670 ቪክቶርያውያን** ሰሚዕና። እዚኦም ንመራሕቲ ማሕበረሰብ፡ ንናይ ሞያ ክኢላታት፡ ንሰራሕተኛታት ቅድመ ግንባርን ዘጠቓልሉ እዮም።

**ኣብ 2022፡ 3 ካብ 5 ቀዳሞት ህዝብታት (60%) ኣብ ኣውስትራልያ ዓሌትነት ከምዘጋጠሞም ሓቢሮም**

**ኣብ 2023፡ 1 ካብ 5 ሰባት (18%) ኣብ ኣውስትራልያ ዓሌትነት ከምዘጋጠሞም ሓቢሮም**

**3 ካብ 5 ኣውስትራላውያን (63%)** ክርስትያን ዘይኮነ ሃይማኖት ንዘለዎም፡ ወይ ካብ ኤስያ፡ ኣፍሪቃ ወይ ማእከላይ ምብራቕ ንዝኾኑ **ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጉጅለ ስደተኛታት ኣሉታዊ ኣረኣእያ ኣለዎም።**

**3 ካብ 5 ኣውስትራላውያን (62%)** ንዓሌትነት ከም **'ኣዝዩ ዓብዪ' ወይ 'ብተዛማዲ ዓብዪ' ጸገም ገይሮም ይርእይዎ**

**ሕጽረት ሓበሬታን ማሕበረሰብ ኣብ ኣገልግሎታት ዘለዎ ትሑት እምነትን፡ ዓሌትነት ግቡእ ጸብጻብ ከይተዋህበሉ ኾም ዝተርፍ ክገብሮ ይኽእል።**

## ኣብ ቪክቶርያ ብዛዕባ ዓሌትነት ጸብጻብ ምቕራብ



ዝኾነ ሰብ ዓሌታውነት ከጋጥሞ ግቡእ ኣይኮነን።ኣብ ቪክቶርያ ዓሌትነት ወይ ኣድልዎ እንተ ኣጋጢሙካ ወይ እንተተዓዚብካ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

### ማዕረ ዕድል ቪክቶርያውን ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትን

ኣብ መንጎ ሰሙን ካብ 10 ንግሆ ክሳዕ 2 ድሕሪ ቐትሪ ናብ 1300 292 153 ደውል። ነጻ ተርጓሚ እንተ ደሊኻ ናብ 1300 152 494 ደውል።

ናብዚ ኢመይል ጽሓፍ **enquiries@veohrc.vic.gov.au**።

**ኣብ ኢንተርነት ዘይወግዓዊ ጸብጻብ ኣቕርብ** <https://www.humanrights.vic.gov.au/get-help/community-reporting-tool/>።

**ንናሽናል ሪለይ ሰርቪስ ርኸቦም** <https://www.humanrights.vic.gov.au/get-help/contact-us/>።

### ፖሊስ ቪክቶርያ

ንህጹጽ ኩነታት፡ ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ገበን ንምሕባር፡ ወይ ንህጹጽ ህላወ ፖሊስ፡ ሰለስተ ዜሮ (000) ደውል።

ንዘይህጹጽ ኩነታት፡ ናብ መስመር ሓገዝ ፖሊስ ኣብ 131 444 ደውል ወይ ድማ ነጻ ተርጓሚ ንምርካብ ኣብ 131 450 ደውል።

ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዘሎ መደበር ፖሊስ ወይ ኣብ **ኢንተርነት** ክትሕብር ትኽእል ኢኻ <https://www.police.vic.gov.au/police-assistance-line-and-online-reporting>።

ስምካ ከይገለጽካ ናብ ገበን ደው ዘብሉ ኣብ 1800 333 000 ብምድዋል ወይ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ <www.crimestoppers.com.au>።

**ንዝያዳ ናይ ደገፍን ጸብጻብን ኣማራጺታት፡** በጃኻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ **ስልቲ ጸረ-ዓሌትነት ቪክቶርያ** ተወከስ <https://vic.gov.au/victorias-anti-racism-strategy>

## ዝያዳ ሓበሬታ

ነቲ ምሉእ ስልቲ ወይ ነዚ ብብዙሕ ቋንቋታት ዝተተርጎመ ጽማቝ ሓበሬታ **ኣብ ኢንተርነት** ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ <https://vic.gov.au/victorias-anti-racism-strategy>።
ናብ ኣገልግሎት ትርጉምን ምትርጓምን (TIS) 131 450 ደዊልካ እውን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ክፍሊ ቀዳማይ ሚኒስተርን ካቢነ ሚኒስተራትን ኣብ 03 9651 5111 ክትድውል ትኽእል ኢኻ፡ ወይ ድማ **ንክፍሊ ቀዳማይ ሚኒስተርን ካቢነ ሚኒስተራትን** ናብዚ ዝስዕብ ኢመይል ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። <antiracism.strategy@dpc.vic.gov.au>

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን፡ 1 ትሬዠሪ ፕለይስ፡ መልበርን።

© ግዝኣት ቪክቶርያ፡ ኣውስትራልያ፡ ክፍሊ ቀዳማይ ሚኒስተርን ካቢነ ሚኒስተራትን፡ ሕዳር 2024።

ISBN 978-1-923294-15-8 (online/PDF/Word) or (print)

ኣብ **ስልቲ ጸረ-ዓሌትነት ቪክቶርያ 2024-2029** ዝርከብ <https://vic.gov.au/victorias-anti-racism-strategy>

ሓታሚ፡ [insert printing company name, suburb]